Tgringa

# PLENVU® መምርሕታት ፕላንሹ*

ነዚ መምርሒ ብጥንቃቐ ክትክተሎ ኣገዳሲ እዩ፡ እዚ እቲ ሓኪምካ ሻምቡቆ ናይ መዓናጡኻ ብንጹር ምእንቲ ክርእዮ መዓናጡኻ ፍጹም ጹሩይ ክኸውን ኣለዎ፡ ኣመጋግባኻ ክትቅይር ከሎኻ እንድሕሪ ድኣ ቅልል ዝበለ ድርቀት ጌሩልካ ወይ ድርቀት ጌሩልካ መሕጸቢ መድሃኒት (laxative) ካብ ቤት መድሃኒት ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ክትገዝኦ ትኽእል ከመይ ጌርካ ከም ክትጥቀመሉ ዉን ምኽሪ ክዉሃብካ ይክኣል እዩ።

ትምርመረሉ ዕለት: ______________________________

ትጸዋሉ ካብ ሰዓት: ______________________________

ናይ መመዝገቢ መንነት: ______________________________

ትምርመረሉ መቐበሊ ቦታ: ______________________________

ተሌፎን ቁጽሪ: ______________________________

## 3 መዓልቲ ቅድሚ ናይ መዓንጣ መረመራ (COLONOSCOPY) – ዝኾነ ቆርበት ዘለዎ ፍረታት፣ ዘርኢ፣ ወይ እኽሊ ኣይትብላዕ

**ንምሳሌ እዞም ዝሰዕቡ ነገራት ክትበልዕ ትኽእል:** ጸዕዳ ባኒ (ሓርፋፍ እኽሊ ዘይብሉ)፣ ፒታ ባኒ/ናይ ቱርኪ ባኒ፣ ኮርንፍሌክስ፣ ብሩዝ ዝተሰንከተ ባኒ (puffed rice)፣ ሰብሒ ዘይብሉ ስጋ ንምሳሌ ናይ ከብቲ፣ ናይ በጊዕ፣ ናይ ሓሰማ፣ ወይ ደርሆ፣ ዓሳ፣ ዝተቐረፈ ፍረ፣ ዝተቐረፈ ኣታኽልቲ ኣሕምልቲ፣ (ቀይሕ ሱር ኣይፋል) ኣብ ፎርኖ ዝተጠብሰ ዝተቐረፈ ድንሽ፣ ዝተጣሕነ ድንሽ፣ ፖምፍሪትስ፣ ሩዝ፣ ፓስታ (ጸሊም ዘይኮነ) ብሽኮቲ (ብዘይዘርኢ)፣ እንቋቑሖ፣ ጠሰሚ/ማርጋሪን፣ ፎርማጆ፣ ናይ ቫኒሊ ሶስ፣ ጀላቶ፣ ቾኮላታ (ካዕካዕ ማለት ከም ብዓል ፋል ፍሰጡቕ ዘለዎ ኣወግድ)።

**ዘይተቐረፈ ዘርኢ፣ ካዕካዕ ወይ ጥረ እኽልን ፍረ እኽልን ኣይትብላዕ:** ንምሳሌ ዕፉን፣ ዓይኒ ዓተር፣ ስትሮቤሪ፣ ጸሊም ባኒ፣ ሽጉርቲ፣ ሙስሊ፣ ብሙሰሊ ዝተሰርሐ ብሽኮቲ፣ ካዕካዕ ወይ ካዕካዕ ዘለዎ መግቢ፡ ቅራፍ ሜለ፣ ፔሮን፣ ኲኽ፣ ነክታሪን፣ (ዝተቐረፈ ፍረ ምብላዕ ጸገም የብሉን)፡   ማልመላታ ምስ ዛዕጎሉ (ደጋዊ መሸፈኒ ዘይተቐርፈ)፣ ናይ ለሚን ፍረታት፣ ወይኒ፣ ዛዕጎል ወይ ፍረ ናይ ኮመደረ፣ ብጽሓይ ዝነቐጸ ኮመደር፣ እቲ ዛዕጎል ናይ ፐፐሮኒ፣ ዙኪኒ ወይ ድንሽ (ዝተቐረፈ ኣሕምልቲ ምብላዕ ጸገም የብሉን)፣ ናይ ጥረ ምረ ተኽልታት ንምሳሌ ጸዕዳ ባልዶንጓ ምስ ኮመደረ ዝተሓወሰ ወይ ኩሊታይ ባልዶንጓ (kidney beens)፣ ሰናፍጭ (mustard)፣ ዘቢብ፣ ጥረ ሩዝ (ጸሊም ሩዝ)፣ ናይ ኣሕምልቲ ጸብሒ፤ ብርሰን፣ ጥረ እኽሊ፣ ዝተመቐለ ዓተር ብርሰን፣ ጸሊም ፓስታ፣ ሓርፋፍ ሩዝ፣ ኮኮናት፣ ሰምሰም (ሰሊጥ)፣ ፍረ ዘርኢ ዕምባባ ጸሓይ (sunflower seeds) ወይ ዘርኢ ዕምባባታት (poppy seeds)፣ ናይ ፍረታት ዮጉርት፣ መወሰኽታ ፋይበር፡ እዚ ዓይነት መግብታት ኣብቲ መዓናጡ ክተርፍ ይኽእል እዩ።

## ፍልይ ዝበለ መምርሒ

______________________________

______________________________

______________________________

*** ነቲ መድሃኒት ቅድሚ ምጥካምካ ካብቲ ሓኪምካ ሓበሬታ ክህሉ ሰለ ዝኽእል ምስቲ መድሃኒት ትዓሺጉ ዝምጽእ ዝርዝር ትሕዝቶ ዝሓዘ ወረቐት በጃኻ ኣቐዲምካ ኣንብቦ።**

**ጽሩይ ዝሰተ (ሓፊስ ዘይኮነ) ክትሰቲ ከሎኻ - እቶም ዝፈቀዱን እቶም ክሰተዩን ዝምከሩን፡** ማይ፣ ጸሊም ሻሂ፣ ወይ ቡን (ብዘይ ጸባ ወይ ክኣ ናይ ጸባ መተካእታ ፍርያት)፣ ጽሩይ መረቕ፣ ዝሰተ ለሰላሳ፣ ጅዉስ ብመንፊት ዝሓለፈ፡ ዝኾነ ቀይሕ ሕብሪ ወይ ሊላ ሕብሪ ዘለዎ ዝሰተ (ናይ ጸሊም ፍረ ሉሰሉስ መሰተ (blackcurrant juice)) ኣወግድ እዚ ነቲ መዓናጡ ሕብሪ ከትርፈሉ ስለ ዝኽእል እዩ።

## መርመራ ንግሆ/ቅድሚ-ቐትሪ

**ድሮ (ቅድሚ ሓደ መዓልቲ) መርመራኻ ፍኹስ ዝበለ ቁርሲ ትበልዕ ከምኡ ኽኣ ፍኹስ ዝበለ ምሳሕ ተሰዕብ (ብዘይ ደጋዊ ሽፋን፣ ብዘይ ፍረ እኽሊ፣ ብዘይ ካዕካዕ ወይ እኽሊ) ቅድሚ እቲ PLENVU® ዝብሃል ምስታይካ እንተ ዉሓደ ቅድሚ 3 ሰዓት መግቢ ምብላዕ ጠጠው ከተብል ኣሎካ ብድሕሪኡ ጥራይ ጹሩይ ዝኾነ ዝሰተ ትሰቲ።**

ድሮ እቲ መርመራኻ ጥራይ ጹሩይ ዝሰተ ክትሰቲ ከም ዘሎካ ተጠንቀቐሉ።
ኣስተዉዕል፡ ካልእ ብኣፍ ዝዉሓጥ መድሃኒት ትወሰዶ እንድሕሪ ኣሎካ ኾይኑ ቅድሚ እቲ PLENVU® ዝብሃል መድሃኒት ምዉሳድካ እንተ ዉሓደ ሓደ ሰዓት ኣቐዲምካ ክትወሰዶ ኣሎካ።

**ዓቐን 1፡** እቲ ዓቐን 1 ዓቐን ከረጺት (1 dose packet) ከምቲ ኣብቲ መዓሸጊ ናይ PLENVU® ዘሎ መምርሒ ተኸቲልካ ሓዉሶ፡ ተ’ደለኻ ኣዝሕሎ።
**ሰዓት _______________(ድሮ እቲ መርመራ)** እታ መጀመርያ ዓቐን PLENVU® ቀስ ጌርካ ሰተያ ምስኣ ኽኣ ተወሳኺ 500 ml ጹሩይ ዝሰተ ኣብ ዉሽጢ 60 ደቓይቕ ስተየላ፡ እቲ PLENVU® ከምኡ ዉን እቲ ጹሩይ ዝሰተን እንዳ ኣበራረኻ ክትሰትዮ ትኽእል ኢኻ።

**ዓቐን 2፡** እቲ ዓቐን 2 ዓቐን ከረጺት (2 dose packets) ከምቲ ኣብቲ መዓሸጊ ናይ PLENVU® ዘሎ መምርሒ ተኸቲልካ ሓዉሶ፡ ተ’ደለኻ ኣዝሕሎ።
**ሰዓት_______________(እታ ናይ መርመራ መዓልቲ)** እታ ኻልኣይቲ ዓቐን PLENVU® ቀስ ጌርካ ሰተያ ምስኣ ኽኣ ተወሳኺ 500 ml ጹሩይ ዝሰተ ኣብ ዉሽጢ 60 ደቓይቕ ስተየላ፡ እቲ PLENVU® ከምኡ ዉን እቲ ጹሩይ ዝሰተን እንዳ ኣበራረኻ ክትሰትዮ ትኽእል ኢኻ።

ክሳብ እቲ **ትጾሞሉ** ሰዓት ዝጅምር ማለት ሰዓት________________ ዝተፈላለየ ጽሩይ ዝሰተ ምስታይ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ

ኣስተዉዕል፡ እዚ መድሃኒት ቀጢን ዉጽኣት ክገብረልካ ዝተነደፈ ስለ ዝኾነ ካብ ሽቓቕ ኣይትርሓቕ፡ **ቅድሚ ዉጽኣት ምጅማሩ ክከላኸል ዝኽእል ክሬም ወይ ሰብሒ ዘለዎ ቅብኣት (ላኖሊን ቅብኣት (lanolin)፣ ቫዘሊና) ንናይ መሃንቱስ መኽፈቲ ክትለኽዮ ትኽእል፡** እንድሕሪ ድኣ ገለ ካብቲ ክትዳለወሉ ዘሎካ ክፋል ከመይ ከም ትገብር ትጠራጠር ኮንካ ወይ ጎናዊ ሰዕቤን እንተ ጌሩልካ ወይ ካልእ ዝኾነ ጸገም እንተ ሃልዩካ በቲ እቲ ሓኪምካ ወይ ናርሲናካ ዝሃቡኻ ተሌፎን ቁጽሪ ጌርካ ደዉል።

## መርመራ ድሕሪ-ቐትሪ

**ድሮ መርመራኻ ፍኹስ ዝበለ ቁርሲ ትበልዕ ከምኡ ኽኣ ፍኹስ ዝበለ ምሳሕ ተሰዕብ ከምኡ ኽኣ ድራር ቀጢን መረቕን/ወይ ተፈጥራዊ ዮጉርት (plain yogurt) ትድረር (እዚ ድራር ሰዓት 20. ክትዛዝሞ ይምረጽ)፡ (ደጋዊ ሽፋን ዘይብሉ፣ ዘርኢ ዘይብሉ፣ ፣ ካዕካዕ ወይ ጥረ እኽሊ ዘይብሉ፣) ብድሕሪ’ዚ ጽሩይ ዝሰተ ጥራይ ትሰቲ።**

ድሮ እቲ መርመራኻ ብዙሕ ጹሩይ ዝሰተ ምስታይ ኣገዳሲ እዩ።
ኣስተዉዕል፡ ካልእ ብኣፍ ዝዉሓጥ መድሃኒት ትወሰዶ እንድሕሪ ኣሎካ ቅድሚ እቲ PLENVU® ዝብሃል መድሃኒት ምዉሳድካ እንተ ዉሓደ ሓደ ሰዓት ኣቐዲምካ ክትወሰዶ ኣሎካ።

**ዓቐን 1፡** እቲ ዓቐን 1 ዓቐን ከረጺት (1 dose packet) ከምቲ ኣብቲ መዓሸጊ ናይ PLENVU® ዘሎ መምርሒ ተኸቲልካ ሓዉሶ፡ ተ’ደለኻ ኣዝሕሎ።
**ሰዓት _______________ (ድሮ እቲ መርመራ)** እታ መጀመርያ ዓቐን PLENVU® ቀስ ጌርካ ሰተያ ምስኣ ኽኣ ተወሳኺ 500 ml ጹሩይ ዝሰተ ኣብ ዉሽጢ 60 ደቓይቕ ስተየላ፡ እቲ PLENVU® ከምኡ ዉን እቲ ጹሩይ ዝሰተን እንዳ ኣበራረኻ ክትሰትዮ ትኽእል ኢኻ።

**ዓቐን 2፡** እቲ ዓቐን 2 ዓቐን ከረጺት (2 dose packets) ከምቲ ኣብቲ ኣብቲ መዓሸጊ ናይ PLENVU® ዘሎ መምርሒ ተኸቲልካ ሓዉሶ፡ ተ’ደለኻ ኣዝሕሎ።
**ሰዓት_______________(እታ ናይ መርመራ መዓልቲ)** እታ ኻልኣይቲ ዓቐን PLENVU® ቀስ ጌርካ ሰተያ ምስኣ ኽኣ ተወሳኺ 500 ml ጹሩይ ዝሰተ ኣብ ዉሽጢ 60 ደቓይቕ ስተየላ፡ እቲ PLENVU® ከምኡ ዉን እቲ ጹሩይ ዝሰተን እንዳ ኣበራረኻ ክትሰትዮ ትኽእል ኢኻ።

ክሳብ እቲ **ትጾሞሉ** ሰዓት ዝጅምር ማለት ሰዓት ________________ ዝተፈላለየ ጽሩይ ዝሰተ ምስታይ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

ኣስተዉዕል፡ እዚ መድሃኒት ቀጢን ዉጽኣት ክገብረልካ ዝተነደፈ ስለ ዝኾነ ካብ ሽቓቕ ኣይትርሓቕ፡ **ቅድሚ ዉጽኣት ምጅማሩ ክከላኸል ዝኽእል ክሬም ወይ ሰብሒ ዘለዎ ቅብኣት (ላኖሊን ቅብኣት (lanolin)፣ ቫዘሊና) ንናይ መሃንቱስ መኽፈቲ ክትለኽዮ ትኽእል፡** እንድሕሪ ድኣ ገለ ካብቲ ክትዳለወሉ ዘሎካ ክፋል ከመይ ከም ትገብር ትጠራጠር ኮንካ ወይ ጎናዊ ሰዕቤን እንተ ጌሩልካ ወይ ካልእ ዝኾነ ጸገም እንተ ሃልዩካ በቲ እቲ ሓኪምካ ወይ ናርሲናካ ዝሃቡኻ ተሌፎን ቁጽሪ ጌርካ ደዉል።



ዝንኣድ ምድላው



ሕማቕ ምድላው

እዚ ሓበሬታ ካብቲ ኣብ PLENVU® ትዓሺጉ ዝመጸ መምርሒ ዝተሞርኮሰ እዩ።

PLENVU, NORGINE and the sail logo are registered trademarks of the Norgine group of companies.

Norgine Sverige AB
7A Centralen, Vasagatan 7
111 20 Stockholm
norgine.se

Norgine Norge AS
Postboks 1935 Vika
0125 Oslo
norgine.no

Norgine Danmark A/S
Kirsten Walthers Vej 8A, 2.
2500 Valby
norgine.dk

SE-GE-PLV-2300025 Oktober 2023 GES